

# ኣብ ቤትካ እንታይ ኣሎ?

ዳንኤል ተስፋይ

እግዚኣብሄር፣ “ይኹን” ምስ በለ ነቲ እንርእዮን ዘይንርእዮን ኩሉ ካብ ዘየሎ ከም ዝፈጠሮ ኩልና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር፣ ኣብ ገለ እዋናት ድማ፡ እግዚኣብሄር ተኣምራት ንኽገብር በቲ ዘሎና ነገር ክጥቀም ክደሊ ከሎ ንርኢ። ንኣብነት፡ ንኣዳም ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፡ ንሄዋን ግን ካብ መሰንገለ ኣዳም ወሲዱ እዩ ዝፈጠራ። ኣዳም ድማ፡ “እዛ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ፡ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋይ እያ”፡ ኢሉ ክቕበላ ከሎ ንርኢ።

ሎሚ ነዚ ምስጢር እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ከነተኵረሉ ደልየ ዘሎኹ ኣርእስቲ ትምህርቲ፣ *“ኣብ ኢድካ/ቤትካ እንታይ ኣሎ?’* ዝብል እዩ። እቲ ቐንዲ ትሕዝቶ ናይ እዚ ኣርእስቲ እዚ፡ እግዚ ኣብሄር ነቲ ዘሎና ተጠቒሙ ዝገብሮ ተኣምራታት ዝምልከት እዩ።

ኣብ 2ይ ነገ 4፡ 1-7 ካብ ኣንስቲ ደቂ ነብያት ሓንቲ፡ ብዓል ቤታ ዝሞታ ሰበይቲ ናብ ኤልሳእ ከይዳ ሽግራ ኽትነግሮ ኸላ ነንብብ። ብዓል ቤታ ካብኣ ብሞት ምፍላዩ ኸይኣክል፡ ዘይተኸፍለ ዕዳ ስለ ዝነበሮም፡ እቲ ብዓል ዕዳ ነቶም ክልተ ደቃ ባሮቱ ንኽገብሮም ክወስዶም መጸ። እታ ሰበይቲ ትገብሮ ጠፊኡዋ፡ ምድሪ ጸልመታ። ነፍሳ ድማ ተጨንቀት።

እዛ ሰበይቲ ናብ ኤልሳእ ዝኸደት፡ ገንዘብ ንኽህባ ወይ ሃብታም ሰብኣይ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኤልሳእ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ እዩ እሞ፡ ናይቲ ወሪዱዋ ዝነበረ ሽግር ገለ መፍትሒ ብእኡ ገይራ ካብ እግዚ ኣብሄር እንተ ተቐበለት እዩ። ናይ ነብይ ኤልሳእ መልሲ ነስተብህለሉ። ጽን ኢሉ ምስ ሰምዓ፣ “እንታይ እሞ ክገብረልኪ? <u>ኣብ ቤትኪ ዘሎኪ ንገርኒ፡</u> በላ”፡ ይብል እቲ ቕዱስ ጽሑፍ።

እስኪ፡ ካብዚ ጽሑፍ እዚ፡ ሓደሓደ ሓሳባት ኣግፊሕ ኣቢልና ነስተብህለሉ። ዕዳ ድቃስ ዝኸልእ፣ ዘጨንቕ ነገር ከም ዝኾነ ምግላጽ’ውን ኣየድልዮን እዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ዕዳ ዝኣተወ ሰብ ዕረፍትን፡ ሰላምን፡ ቅሳነት ልብን ኪህልዎ ከቢድ እዩ። እንተኾነ’ውን ምስ እንተስተብህል ኣብ ስሉስ ዓለም ዝነበረ ብዙሕ ሰብ ከይተረድኦ ኣብ ክወጾ ዘይክእል ከቢድ ዕዳ ኣትዩ ወይ ክኣቱ ንርእዮ። ነዚ ሰሪ ዝኸውን ሓደ ምኽንያት ድማ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ፡ ማለት ኣብ ዕዳጋ፡ ብዙሕ ክማርኽ ዝኽእል ነገራት ስለ ዘሎ፡ ናብርኡ ምስ ካልኦት ስለ ዘወዳድር፡ ነቲ ዝደለዮ ዘበለ ኵሉ ንኽንረክብ ብዝገብሮ ጻዕሪ እዩ። እቶም ሸያጦ ድማ ብሓሙሽተ ዓመት ብዓሰርተ ዓመት ክትከፍሎ ትኽእል ኢኻ እናበሉ፡ ንምሻጥ፣ ዘለ ዎም ሜላታትን ምትሕብባልን ይጥቀሙ።

*‘ደሓር ቀስ ኢልካ ትኸፍሎ’፣* ዝብሉ ሓልዮት ኣይኮነን እንታይ ደኣ ካብቲ ዋጋ መሸጣ ንላዕሊ እቲ ዘእትውዎ ወለድ ስለ ዝበዝሕ ኽበዝሕ ኸኣ ስለ ዝደልይዎ እዩ። ብተወሳኺ ገሌና፡ ብለቓሕ (Credit Card) ኽንገዝእ ከሎና ሽዑሽዑ ጥረ ገንዘብ ካብ ጅብና ኣውጺእና ዘይምኽፋል ዳርጋ ንኸፍል ከም ዘሎና ኾይኑ ስለ ዘይስምዓና እዩ ይመስለኒ ሕልፍን ትርፍን ንዕድግ።

ካብቲ ብዙሕ ዝርአ ጸገማት፡ ብሓደ ዝሰማዕክዎ ዛንታ ገይረ ኽገልጾ እፈቱ። ሓደ ሰብኣይ ካብ ስራሕ ወጺኡ ምሸት ንገዝኡ ከደ። ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኡ ድማ ክንዲ ግዛዕ ዝኸውን ሓርማዝ ተገቲሩ ጸንሖ። ሰንቢዱ ንበዓልቲ ቤቱ፡ “እንታይ ዝኾነ ሓርማዝ ድኣ’ዩ እዚ? ናይ መን ... ካበይ ዝመጸ እዩ?” ኢሉ ሓተታ። ንሳ ድማ ናብኡ ቅርብ ኢላ፡ “ብትሑት ዋጋ፡ (Sale) ስለ ዝነበረ፡ ገዚአዮ። ጽቡቕ ዋጋ እዩ፡” ኢላ መለሰትሉ። እዚ ከም ጽዊ- ጽዋይ እኳ እንተ ተነግረ ብሓቂ ናይ ብዙሕ (ብሕልፊ ኣብ ኣሜሪካ ዝነብር)፡ ሰብ ናብራ ይመስል።

ሓያሎ ንዘይጥቀሙሉ ኣብ ቤቶም ብዙሕ ኣቕሑት ይእክቡ። ኣብ በቤትና እሞ ነስተብህል። ገለ ገለ ተጠቒምናሉ ዘይንፈልጥ ገለ ኻልእ ድማ ንዓመታት ዝኣክል መዕለብ ደሮና ኾይኑ ዝተረፈ ክንደይ ኣቕሑት ኣሎና? ምኽንያት ናይ እቲ እንገዝኦስ ሓድሽ ነገር ስለ ዝተረኽበ፡ ወይ ከኣ ዓይንና ምጽጋብ ስለ ዝስእንዶ ኣይኮነን? እግዚኣብሄር ስለቲ ዕሽር (10%) ናይ ገንዘብና ጥራይ ዘይኮነስ ስለቲ ኵሉ ዝተዋህበና (100%) ገንዘብ ጸብጻብ ክሓተና እዩ። በቲ ገንዘብና እንታይ ከም ንገብር ክንጥንቀቕ ይግብኣና። *“እዚ ነገር እዚ የድልየኒ’ዶ እዩ?” “ሕጂ’ኸ ንዕኡ ዝኸውን ገንዘብ’ዶ ኣሎኒ?” “ኣብ ክንድኡ ካልእ ክጥቀምሉ ዝኽእል መገዲዶ ኣሎ? እንተ ጸናሕኩ’ዶ ይሓይሽ?”* ኢልካ ኣቐዲምካ ምሕታት ሓላፍነት ዘርኢ ዓቢ ጥበብ እዩ።

እታ ናብ ኤልሳእ ዝመጸት ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ብህይወቱ ከሎ ብዛዕባ እቲ ዕዳ ትፈልጥ’ዶ ነይራ ትኸውን? ነዚ ሕቶ ክንምልስሉ ዘኽእለና ዝተጻሕፈ ነገር የልቦን ግና ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ብዛዕባ ዘቕምጦ ይኹን ዝልቀሖ ገንዘብ፡ ዘርዚሩ ንብዓልቲ ቃል ኪዳኑ ዘካፍል ሰብኣይ ዳርጋ ብዙሕ የልቦን።

“ኵሉ መዓልቲ ደሓን ሓንቲ መዓልቲ ደይደሓን” ዝብል ምስላ ኣቦታት ብሓቂ ዓቢ ምስጢር ኣለዎ። እስኪ እቶም ሰብ ሓዳር ዝኾንና፣ ንርእስና ንሕተት፡ “*ብዛዕባ ኵሉ ኣታውን ወጻእን ናይ ገዛናስ ብዓልቲ ቤተይ ትፈልጦ’ዶ እያ? ኵሉ እቲ ኣብ ባንክ ዘሎ ኩነ ንጡረታ ዝእከቦ ዘሎኹ፣ ከምኡ’ውን ናይ ድሕነት* (Insurance) *ነገራት ኣነ ገለ እንተ ኣጋጠመንስ ነጊረያ’ዶ እየ?*” መልስና እወ፡ ክኸውን ተስፋ እገብር። ኵሉ ጊዜ ድሓን ኣሎኹ ስለ ንብል ዘይምድላው ዘወትር ዝርአ ባህሪ እዩ። እሞ ምድላው ዝመስሉዎ የልቦን።

ብኻልእ ወገን ምስ እንርእዮ፡ ኣብ መኪናና ትርፊ ጐማ ሒዝና ንኸይድ። እታ መኪና ኣርባዕተ ጐማ ጥራይዶ ኣይኮነን ዘድልያ? ግና፡ ምናልባሽ ዘይተጸበናዮ እንተ ኣጋጠመናስ መሐለዊ ሓደ ጐማ ጽዒንና ንጐዓዝ። ብዛዕባ ናብራና ድማ ከምኡ ጌርና ክንሓስብ ይግብኣና።

ብዛዕባ እቲ ዘሎ ገንዘብ ምፍላጥ ጥራይ’ውን ኣኻሊ ኰይኑ ኣይረኣየንን። ሓንቲ ኣደ ንደቃ ባዕላ ንኸተዕቢ ዓብዪ ረብሓ ዘለዎ እኳ እንተ ኾነ፡ ምናልባሽ ብዓል ቤታ ዘይተሓሰበ ምስ ዝገጥሞስ፣ ኣብ ዕዳን ባዳን ኣትያ ኣብ ዘይነበራ ሽግር ከይትወድቕ፡ ርእሳ ከእኽላ ዝኽእል፡ ገለ ክእለት ኰነ፡ ትምህርቲ ክህልዋ ኣዝዩ ኣድላዪ ይመስል።

ኣብታ ሰበይቲ ኸንምለስ፡ ነብይ ኤልሳእ፡ "ኣብ ቤትኪ እንታይ ኣሎኪ? ኢሉ ምስ ሓተታ፡ "ገረድካ ብጀካ መቐርሰሚቶ ዘይቲ ኣብ ቤት ገለ እኳ የብላን"፡ ኢላ መለሰትሉ።

ነስተብህል፡ እዛ ሰበይቲ *'ኣብ ቤተይ ጣውላ፣ መንበር ወይ ከምኡ መሳሊ ኣሎ'*፡ ዘይበለት ስለ ዘይነበራ ኰይኑዶ ይኸውን? ኣይመስለንን። ናይቲ ሽግራ መፍትሒ፡ እቲ ኣብ ቤታ ዝነበረ ንእሽቶ መቐርሰሚቶ ዘይቲ ነበረ። ንሱ ድማ፡ "ኪዲ እሞ ካብ ወጻኢ፡ ካብ ኩለን ጐረባብትኺ ጥራዩ ዝኾና ኈይብታት ለምኒ፣ ኣይተውሕድዮ ድማ። እተዊ ድሕሬኽን ድሕሪ ደቅኽን ከኣ ማዕጾ ሸጉሪ። ናብ ኵሉ እዚ ኈይብታት ከኣ ኣዕርቕዮ። ዘዝመልአ ድማ ኣግልስዮ"፡ በላ። ነቲ ዝነበራ ንእሽቶ መቐርሰሚቶ ዘይቲ እግዚኣብሄር ከም ዝፍልፍል ኺገብሮ ይኽእል እዩ፡ ኢላ ብግሩህ ልባ ኣሚና ከደት።

እቲ እዛ ሰበይቲ ዝወሰደድቶ ስጉምቲ ክትሰምዖ ከሎኻ ቀሊል ይመስል ይኸውን፡ ንኽትገብሮ ግና ከቢድ እዩ። ዋጋ እቲ ዘለዋ ዘይቲ፡ ምስቲ ሽግራ ክነጻጸር ኸሎ ኣዝዩ ንእሽቶ እኳ እንተኾነ፡ እግዚኣብሄር ምስ ተንከፎ ግና እቲ ኣብ ቤታ ዘሎ ሒደት ዘይቲ ካብቲ ብዙሕ ዕዳ ንላዕሊ ከም ዝኸውን ኣሚና ብዘይ ገለ ጥርጥር፡ ብእምነት ክትገብሮ ወጸት። ከምቲ ዝበላ ገበረት፡ ኣብ ዘዕረቐትሉ ጐይቢ ድማ ዘይቲ መልአ። ድሕርዚ፡ እቲ ዝኣከብዎ ኈይብታት ምስ ተወድአ እቲ ዘይቲ ኸኣ ኣብቅዐ። ንሳ ድማ ተመሊሳ ናብ ኤልሳእ ከደት። ንሱ ድማ፡ "ኪዲ፡ እቲ ዘይቲ ሸጢ እሞ ዕዳኺ ክፈሊ፡ በቲ ዝተረፈ ኸኣ ንስኽን ደቅኽን ተናበሩ በላ"፡፡

እዛ ጉህያን ተጨኒቓን ዝነበረት ሰበይቲስ ከመይ ኰን ተሰሚዕዋ ይኸውን? ዕዳኣ ንምኽፋል ጥራይ ዘይኰነስ ንመነባበሪ ዝኸውን ተረፍ እኳ ረኺባ ናብ ቤታ ተመልሰት።

ከምዚ ኤልሳእ ዝገበሮ፡ ነብይ ኤልያስ፣ (ንእኡ ናብ ዓብዪ ኣገልግሎት ዘእተዎ) እቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ'ውን ከምኡ ዝመስል ነገር ገይሩ ነይሩ። ኣብ 1ይ ነገ 17:8-16 ናብ ሰራጵታ ናብ ሓንቲ መበለት ምስ ከደ "በጃኺ ኣብ ኢድኪ ቍራስ እንጌራ ተማልእለይ"፣ በላ። ንሳ ድማ "ብጀካ ሸልገት ሓርጭ ኣብ ዕትሮ፡ ሒደት ዘይቲ ኣብ መቐርሰሚቶ እንጌራስ የብለይን…" ኢላ መለሰትሉ። ንሱ ግና ቅድም ንዓይ ኣምጽእለይ በላ። ንሳ ድማ ብእምነት ምስ ገበረቶ ንብዙሕ መዓልትታት እቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ እቲ ዘይቲ ድማ ካብ መቐርሰሚቶ ኣይጐደለን።

ስለዚ ኤልሳእ ካብ ኤልያስ ዝተመሃሮ ነገር'ዶ ይመስል? እግዚኣብሄር ብሓቂ ጸሎት ሰሚዑ ዝምልስ ኣምላኽ እዩ። ናይ ደቁ ሓዘንን ጓህን ይርዳእ፡ መፍትሒ ድማ ይህብ! እግዚኣብሄር ብዛዕባ መንፈሳዊ ህይወትና ጥራይ ዘይኰነስ ስለቲ መነባብሮና እኳ ዚሓሊ እዩ። ኣሕዋት፡ ንሕና'ውን ዘጽብበልናን ዘሸግረናን ዘበለ ንጐይታ ንንገሮ፡ ነቲ ሒደት ዝመስለና ኣብ ኢድና ዘሎ ክባርኾን ክበርክትን ዝኽእል፡ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ እዩ።

እግዚኣብሄር ዝድንግጽን ዝሓሊን ድማ እዩ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 15:32-39፡ ብዙሕ ህዝቢ ምስ የሱስ ንሰለስተ መዓልቲ ምስ ገበሩ ስለ ዝደንገጸሎም



ንደቀ-መዛሙርቱ "ዚበልዕዎ ስለ ዘይብሎም የደንግጹኒ ኣለዉ። ኣብ መገዲ ከይደኽሙ ኸኣ ጾሞም ከሰናብቶም ኣይፈቱን። ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡ ኣብዚ በረኻዚ ድኣ ንኽንድዚ ዚኣክል ህዝቢ ዘጽግብ እንጌራ ካበይ ከንረክብ በልዎ። የሱስ ድማ፡ ክንደይ እንጌራ ኣሎኩም? በሎም።" ካብ ኵሉ ሰብ ንላዕሊ ክደክምን ክጠምን ዘለዎ እቲ ሰለሰተ መዓልቲ ኽፍውስን ኽምህርን ዕረፍቲ ዘይነበሮ፡ እቲ ኽድንገጾ ዝነበረስ ጐይታ እዩ ነይሩ። ግና ንሱ ድኣ ተመሊሱ ክድንግጸሎም ከሎ ንርኢ።

ጐይታ ዝድንግጽን ዝሓልን ልቢ ኣለዎ። እግዚኣብሄር፡ ንደቂ እስራኤል ኣብቲ በረኻ፡ መዓር ምስ ሕምባሻ ዝጥዕም ማና ካብ ሰማይ እናዝነበ፡ ንኤልያስ'ውን ብኳኹት ገይሩ ከም ዝመገቦ ኣይንዝንግዖን ኢና። ኣብዚ ጊዜ እዚ'ውን ጐይታ ካብ ሰማይ መግቢ ከዝንብ፡ ብኻልእ መገዲ ነቲ ህዝቢ ክምግብ እናኽኣለስ፡ "እንታይ ኣሎኩም?" ኢሉ ምሕታቱ ይገርመኒ።

## "እንታይ ኣለኩም?"

ኢሉ ዝሓተቶም ንሳቶም'ውን ተኻፈልቲ ናይቲ ተኣምራት ክኾኑ ስለ ዝደለዮም ኰይኑ እዩ ዝረኣየኒ። ምናልባሽ ነቲ ዝሓዝዎ ዓሳ ኰነ እንጌራ ንኽይህቡ ዝሓብእዎ ሰባት ኔሮም'ውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣየ! እቲ ነዘን ሒደት ዓሳን ሒደት እንጌራን ዝሃበ ሰብሲ ክንደይ ተዓዊቱ? እቲ ዝሃቦ ሒደት እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ኵሉ ዝከኣሎ ጐይታ እናባረኸ ምስ ቈረሶ ክበዝሕ ከሎ ዝረኣዮ ተኣምራት ኣዝዩ የሐጕስ።

ትሕዝቶኻ ንእሽቶ እኳ ድኣ ይኹን እምበር፣ ንኻልኦት ምሃብ፡ ካልኦት ክዓግቡን ኪሕጐሱን ምርኣይ ከመይ ዓብዪ ሓጐስ ኣለዎ። ግና ንሰብ ካብ ዝኸብድዎ ነገራት ሓደ፡ ምሃብ እዩ። ክቕበል እምበር ክህብ ዳርጋ ባህ ኣይብሎን እዩ።

ዝክር እንተ ኣበልኩዎስ፣ ብዛዕባ ማርታ (ዮሃ 11) ክንሓስብ ከሎና ሕማቕ ነገራት እምበር እቲ ሰናይ ዳርጋ ኣይነልዕሎን ኢና። ማርታ፡ ትግህቲ፡ ንፍዕቲ፡ ተቐባሊት ጋሻ፡ ሓላዪት፡ ሰብ እያ ነይራ። ኣብ ባህልናን ሃገርናን፡ "ንሱ ከመይ ጥዑም ሰብ … " ፡ "ኣብ ገዝኡ ምስ ትኸይድ በሊዕካ ትጸግብ እኳ ኣይመስሎን" ነቲ ብዝያዳ ዝጠዓመ ኾይኑ ዝረኣየና ሰብ ድማ፡ "ኢዱ ቈሪጹ እኳ ይህበካ፡" ክበሃል ንሰምዕ። ማርታ ድማ ከምኡ እያ ነይራ። እቲ እትፈትዎ ጐይታ ምስ ኣዕሩኽቱ ናብ ቤታ ምስ መጸ፡ ገሊኦም ሽሮ ዝፈትዉ፡ ገሊኦም ድማ ስጋ ቃሕ ዝብሎም፡ ሓደሓደ ድማ ኣሕምልቲ ዝብህጉ…ወዘተ፡ ምኻኖም ስለ እትርዳእ ንነፍሲ ወከፎም ኸተሐጕስ እትጋደል ዓይነት ሰብ እያ ነይራ። ጐይታ ድማ ስለ እቲ ብዛዕባ ምጭናቓ ድኣ እምበር፡ ነቲ ትምህርቱ ስለ ዘይተገደሰት ወይ ከኣ ስለ እቲ ዕዮኣ ኣይወቐሳን።

ማርታ ዝተጋገየቶ ጌጋ እንጋገየሉ ጊዜ ሓያለ እዩ። እቲ ዘሎና ንእሽቶ እኳ እንተኾነ ንዕኡ ኣቕሪብና ንበረኸት እግዚኣብሄር ከይንርኢ፡ ብዙሕ ንኽንገብር ንጭነቕ። ሰባት ኣብ ቤትና ዓዲምና ንኸይነገልግሎም ዝገብሩና ሽግራት፡ ሓደ፡ ብዙሕን ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢን ክንክሽንን ከነቕርብን ስለ እንደሊ፡ ካልኣይ፡ ብዛዕባ ጽሬት ናይ ቤትና ስለ እንጭነቕ፡ እሞ ብዙሕ ድኻም ስለ ዘለዎ እዩ። ኩሉ እዋን ከምቲ ናይ ማርታ

ሰፈልፈል ዝከኣል ኣይኰነን። እቲ ዘድሊ ከኣ፡ ነቲ ዘሎካ ምስ ካልኦት ምክፋል እዩ። ሓለፋ እዚ ግና ድኻም እዩ። በቲ ሓደ ወገን'ውን፡ እቶም ዝተዓደሙ ኣብ ክንዲ በቲ ዝተቐረበ ምምስጋንን ምሕጓስንሲ ኣብቲ ዝጎደለ የቕልቡ። ኣብ ክንዲ ሕጉስ ምባል፡ ስለ እቲ ዝተቐረበ ምፍራድ፤ ብዛዕባ ኣብቲ ቤት ዘሎ ኣቕሑትን ኣቀማምጥኡን ዘየድሊ ሓሳባት ምልጋስ... ወዘተ፣ ኣብ ዝኣመሰሉ ኣብ ምድሃብ ይኣትዉ።

ኣብ ክንዲ ሕድሕድ ምትህንናጽ፣ ቃል ኣምላኽ ምክፋል፣ ምዝማርን ከኣ ኣብ ዘየድ ሊ ሓሳባት ምውፋይ ዝኣመሰሉ ይኸውን።

እቲ ካብዚ ክንብሎ ዝጸናሕና እንመሃሮስ እንታይ እዩ? ኣብ ኢድና ዘሎና ነገር ብዙሕ እዩ። ሰብ ነቲ ዘለዎ ምርኣይ ይጽግሞ፡ ስለዚ ድማ እዩ ገለ ምስ ሓዘ ነቲ ዘይብሉ ክሕዝ ሓርኰትኰት ዝብልን ናይ ካልእ ሰብ'ውን ዝምነን። ብሓቂ ግና፡ ንእግዚኣብሄር ከነመስግነሉ ዝግብኣና ብዙሕ ነገር ኣሎና።

እቲ ዘሎና ንዓና ጥራይ ኪኸውን ኣይኰነን ዝተዋህበ። ካልኦት ክንድግፈሉ፡ ከነሐጉሰሉ፡ ከነዕርፈሉ፡ ... ወዘተ፣ እዩ ኣብ ኢድና ዘሎ። ዉሑድ ኰይኑ እኳ ደኣ ይረኣየና እምበር፡ በቲ ዘሎና ገንዘብ "ኣዕሩኽ ከነጥርየሉ" እኳ ይግብኣና እዩ።

ንገለ ገሌና፡ ምውጻእ ገንዘብ ቀሊል ኣይኰነን። ኣረ፡ "ሕጂ ብዙሕ የብለይን እንተ ዝህልወኒ ግና ንኸምዚ ወይ ንኸምቲ ምሃብኩ"፣ ንብል። ገለ ኻልእ እዋን ከኣ፡ "እዚኣ እንተ ሃብኩ ድኣ ንኸንደይ ክትበጽሕ? ከክንደዮም'ከ ክትከውን እያ? ስለዚ ዘይምሃብ እኳ ይሓይሽ"፡ ንብል። ኣይፋልን! እቲ ኣብ ቤትካ/ኢድካ ዘሎን እቲ ዜድልን እኳ እንተ ዘይተመጣጠነ ንስኻስ ትም ኢልካ ድኣ ዝራእ፡ ድሕሪኡ ድማ ናይ ጐይታ ስራሕ እዩ'ሞ ንዕኡ ተጸበ።

ሓረስታይ እኽሊ ምስ ኣእተወ ነቲ ዘእተዎ እኽሊ ኣብ ሰለስተ ይመቕሎ፥ ዝሸየጥ፣ ዝብላዕ፣ ዝዝራእ። እቲ ሓረስ ታይ ነቲ ዝዝራእ እንተ በልዖ፡ ነታ ጊዜ እቲኣ ይጸግብ ይኸውን፡ ንዓመታኡ ግና ንሱን ስድራ ቤቱን ኣብ ጥሜቶም ይኣትዉ እሞ፣ ኣብ ዕዳን ባዳን ይጥሕሉ።

ነቲ ንዘርኢ ዘቐመጠ ብእምነት ምስ ዚዘርእ ግና፡ ገሊኡ 10 ገሊኡ 30 ገሊኡ ድማ 50 ይፈሪ። ነቲ እትበልዖ ኣብ ንቑጽ መሬት ምኽዓው ዓብዩ እምነት ዝሓትት እዩ። ልክዕ ከምኡ ድማ እቲ ዘሎና ገንዘብ፣ ንብረት፣ ጊዜ፣ ህይወትን ሰላምን ንኻልኦት ከነማቕሎ፣ ክንዘርኦ ዝግባእ ኣብ ኢድና ዝተዋህበ ኣሎ።

ሕስብ እሞ ነብል! ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሓት ብገንዘብና ዘገልገልናዮ ገለ ሰብ'ዶ ይህሉ? በቲ ዘሎና ሓላፊ ትሕዝቶ ዘይሓልፍ፣ ዘለኣለማዊ፣ ፍረ ክንእክበሉ ንኽእል። ምሳና ዘሎ ሰብ ንኸንደይ እዋን ምኻኑ ፈጺሙ ዚፈልጥ የልቦን፤ ንሕና'ውን ኣብዛ ዓለም እዚኣ ክሳዕ መዓስ ከም ዘሎና ኣይንፈልጥን። እምበኣር ድሓር ጣዕሳ ኸይኰነናስ ነቶም ክንድግፎም፡ ፍቕርና ክንገልጸሎም ዝግብኣና ጊዜ ኸሎ፣ ሎሚ ንግበሮ። ነቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ነስተ ውዕለሉ። ብእኡ ጌርና ድማ ንኻልኦት ነገልግል።